





# ውድቀት ሰብ












ውድቀት ሰብ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 3-6

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፡130

**ጸሓፊ** Edward Hughes
**ገላጺ** Byron Unger; Lazarus

**ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡ ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ**
**ኣወሃሃዲ** M. Maillot; Tammy S.

**ዛንታታት ካብ 2 ክሳብ 60**

**M1914.org**

**ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡**

እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

**እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።**

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፧ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3:16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።

**ትግርኛ** Tigrigna







ብዛዕባ ፍረ እታ ኣብ ማእከል ገነት ዘላ ኦም ግና ኣምላኽ ከይትሞቱስ ካብኣ ኣይትብልዑን ኣይትተንክዩዋን ኢሉናዩ በለቶ። ተመን ከኣ ‘ኣይትመቱን ኢኹም’ በላ።
3
″ከም ኣምላኽ ድኣ ትኾኑ እምበር″ ሄዋን ድማ ከምኡ ስለዝበላ ካብታ ፍረ ወሲዳ በልዔት ምኽሪ ተመን ከይተረድኣ ፈጸመት።
4
ሄዋን ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣፍረሰት ካብታ ፍረ ወሲዳ ንኣዳም ሃበቶ ኣዳም ብወገኑ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣይጥሕስን ኣይበልዕን ክብል እካ እንተነበር። ንሱ’ ውን ከም ሄዋን በልዔ።
5
ኣዳምን ሄዋንን ትእዛዝ እግዚኣብሄር ምስ ኣፍረሱ ከምቲ ዝተባህሎም ዝሓሰብዎን ዘይኮነስ ጥራዮም ምኳኖም ድኣ ፈለጡ።
6
ነቲ ጥራዮም ምኳኖም እንተ ሸፈነሎም ኢሎም ናብ ኣግራብ ኣትዮም ቀጽሊ በለስ ኣለጋጊቦም ከኣ ተዐጥቁ። መሊሶም ከኣ ኣብቲ ኣግራብ ኮይኖም ካብ እግዚኣብሄር ክኽወሉ ተሓብኡ።
7
ምድሪ ምስ ወልወለ (መሰየ) እግዚኣብሄር ድሃዮም ክገብር ከም ቀደሙ መጸ። እንታይ ፈጺሞም ከም ዘለው ይፈልጥ ነበረ። ኣዳም ንሰበይቱ ሄዋን ንሳውን ንተመን ክኸሱ ተራኣዩ። ሽዑ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ተመን እዚ ስለ ዝገበርካ ካብ ኵሎም እንስሳ ኣራዊት መሮር ርጉም ኩን ብኸብድኻ ክትከይድ ኵሉ ዘበን ህይወትካ ድማ መሬት ክትበልዕ ኢኻ።
8
ንሄዋን ከኣ መከራክን ጻዕሪ ጥንስኽን ኣዝዩ ክበዝሕ እዩ በላ። ንኣዳም ከኣ ምድሪ ብዛዕባኻ ርግምቲ ትኹን እሾክን ተኾርባን ተብቊለልካ። ኵሉ ዘመን ህይወትካ እንጌራካ ከኣ ብጻዕሪ ክትበልዕ ኢኻ።
9
ኣዳምን ሄዋን ካብታ ብህድኣትን ብዘይ ስክፍታን ቀሲኖምን ዝነብርዋ ገነት ብሰንኪ ዘይምእዛዞም ካብ እግዚኣብሄር ተፈለዩ። እታ ንዘለኣለም ህያዋን ኮይኖም ዝነብርዋ ዝነበሩ እግዚኣብሄር ዝሃቦም ከኣ ሰኣንዋ።
10
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ርሕሩሕን ለዋህን ፈቓርን ስለ ዝኮነ ንኣዳምን ሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ከደኖም። እቲ ዘገርም ግና እቲ ደበሎ ካበይ ወሰዶ? እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ገነት ኤደን ኣውጽኦም ንምሕላው ሃልሃልታ ሴፍ ዝሓዘ ኪሩቤል ኣቀመጠ።
11
ድሕሪ እዚ ፍጻሜ እዚ ኣዳምን ሄዋንን ውሉድ ወለዱ። ቦኽሪ ወዲ ቃየል ብድሕሪኡ ድማ ኣቤል ተወልደ። ቃየል ዓያይ ምድሪ ነበረ፡ ኣቤል ግና ጓሳ ኣባጊዕ ኰነ። ድሕሪ ገለ ወርሓት ድማ ኰነ ቃየል ካብ ፍረ ምድር ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣምጽኤ። ኣቤል ከኣ ካብ በዅራት ኣባጊዑን ካብ ስብሔንን ኣምጽኤ። እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን መስዋእቱን ባህ ኢልዎ ረኣየ።
12
እግዚኣብሄር ብ ቃየልን መስዋእቱን ባህ ኣይበሉን። ቃየል ከኣ ኣዝዩ ኲረየ ገጹ ድማ ጸለመ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ″ስለምንታይ ኲሬኻ ጽቡቕ እንተ ትገብርሲ ገጽካዶ ትኽ ኣይምበለን። ሓጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ትቃጸወካ ኣላ። ሃረርታኣ’ ውን ናባኻ እዩ፡ ግናኽ ንስኻ ክትገዝኣ ይግብኣኻ።″
13
ኳህን ኲራን ግና ንቃየል ከምዝተመዓደ ኣይገደፎን፡ እኳ ድኣ መሊሱ ድሕሪ ጊዜ ኣብ መሮር ንሓው ኣቤል ተንሲኡ ቀተሎ፡
14
እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ተዛረቦ። ″ኣበይ ኣሎ ሓውካ ኣቤል″ በሎ። እግዚኣብሄር እንታይ ከም ዝምልስ። ክፈልጥ። ኢሉ እምበር እንታይ ከምዝገበረ ጠፊእዎ ኣይኮነን። ቃኤል ግና ″ኣይፈለጥኩን″ በለ ″ሓላው ሓወይ ኣይኮንኩን″ ኢሉ መለሰ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል ከምዚ በሎ ″ምድሪ ምስ እትሓርስ መሊሳ ሓይሊ ኣይትህበካን እያ። ኣብ ምድሪ ኰብላልን ቀባሕብሓይን ኩን፡″ በለ።
15
ቃየል ድማ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወጸ። ሰበይቲ ቃየል ውሉድ ወለደትሉ ስድርኡ ከኣ ክዕቢ ጀመረ። ኣብ ሓጺር ጊዜ ስድራ ቃየል ክበዝሑ ጀመሩ ነታ ከተማ'ውን መልእዋ።
16
ከምኡ’ ውን ስድራ ኣዳም ክበዝሑ ጀመሩ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ዕድመ ወዲ ሰብ ነዊሕ እዩ ኔሩ።
17
ኣዳም መሊሱ ንሰበይቱ ፈለጣ። ንሳ ከኣ ወዲ ወለደት ኣምላኽ ኣብ ክንዲ እቲ ቃየል ዝቐተሎ ኣቤል ካልእ ፍረ፡ ከርሲ ተኵኢኒ እዩ ኢላ ስሙ ሴት ኣውጽኣትሉ። ኵሉ ዕድመ ሴት 912 ዓመት ኰነ ብዙሓት ውሉድ ከኣ ወለደ።
18